ንኣብነት፡-

| | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| ባሮ | = | ባዶ̂፣ | ገረንታ | = | ገደ̂ንታ፣ |
| ኢርጋ | = | ኢድ̂ጋ፣ | ሲባር | = | ሲባድ̂፣ |
| ሓሪተ | = | ሓዲ̂ተ፣ | ፎሪማ | = | ፎዲ̂ማ፣ |
| ራውሃን | = | ዳ̂ውሃን፣ | ራውዓ | = | ዳ̂ውዓ፣ |
| ረርቲያ | = | ደ̂ድ̂ቲያ፣ | ሪሞ | = | ዲ̂ሞ፣ ወዘተ. |

ንገሊኡ ግን ናይ ትርጉም ለውጢ ወይ ምድንጋር ምእንቲ ከየስዕብን ብግልጺ ናብ "ረ" ስለዝቐርብን ከምዘሎ ብ "ረ" ገዲፈዮ ኣሎኹ።
ንኣብነት፡-
"ማሪን"፣ "ማሓሪ"...።

ሐ/ ኣብ ቋንቋ ሳሆ "ደ" ዝድመፅ መልሓስ (ኣላሕሊሕካ ወይ ኣጥቢቕካ) ኣብ ስኒ ብምንካእ ስለዝኾነ ካብ ናይ ትግርኛ "ደ" ፍልይ ዝበለ ድምጺ ኢዩ ዘለዎ። ብመሠረቱ ግን ናብ ድምጺ ናይ ትግርኛ "ደ" ስለዝቐርብ ኣብ ርእሲኡ ሓደ ነጥቢ ብምውሳኽ ብ "ደ̇" ተጽሒፉ ኣሎ።
ንኣብነት፡-

| | | |
|---|---|---|
| ደ̇ስታ፣ | ዳ̇ባን፣ | ጋዳ̇ሊ፣ |
| ባደ̇፣ | ማዳ̇ራ፣ | ዳ̇ዳ̇ዕ፣ |
| ባድ̇፣ | ዒዶ̇፣ | ዓዱ̇ይ፣ ወዘተ. |



# ሀ/ ታሪክ ኢሮብ

"ኢሮብ" ዝብል ስመ ተጸውዖ ብልማድ ሎሚ ኣብ ሰሜን-ምሥራቕ ክፍሊ ኣውራጃ ዓጋመ፡ ማለት ብሰሜን-ምሥራቕ ናይ ምብራቓዊ ዞባ ብምሥራቕ ሩባ ዒንደሊ፣ ብምዕራብ ስርዅዕ፣ ብሰሜን ኣውራጃ ኣከለጉዛይ (ኤርትራ)፣ ብደቡብ ሩባ ጉንደጉንደ (ስቡሓሳዕሲዕ) ኣብ ዘዋስንዎ ቦታ ናይ ዝርከብ ሕዝቢ መጸውዒ ኮይኑ ኢዩ ዝርከብ።

እንተኾነ ግን "ኢሮብ" ዝብል ስም ኮነ ተወለድቲ "ኢሮብ"፡ ብልማድ ሎሚ ኣብ'ዞ ዝተጠቕሰ ከባቢ ዓዲ ኢሮብ ንዝነብር ሕዝቢ ጥራሕ ከምዘስምዕ ገይርካ ምውሳድ ወይ ከዓ ምርዳእ ብመሠረቱ ትኽክል ኣይኮነን። ምክንያቱ ከዓ ብመሠረት ታሪኩ እንተረእናዮ ኣብ ውሽጢ ዓጋመን ከባቢኡን ዝርከብ ሕዝቢ፣ ከማኡ ኸዓ ክሳዕ ሠራየን ቆላ ሃዘሞን ደቡባዊ ከበሳ ኤርትራን ተዘሪኦም ዝርከቡ ሕዝብታት መብዝኅቶኦም መሠረቶም ደቂ ወረደምሕረት ኢሮብ ኢዮም።

1. <u>ብዛዕባ ናይ ኢሮብ ሓረግ ወለዶን ታሪክ ኣመጻጽኣኦምን</u>፣

ቃል ብቃል ብዝተመሓላለፈ ዛንታ፡ ትክክለኛ ትውፊት ናይ ሓረጋዊ ወለዶን ኣመጻጽኣን ኢሮብ ኮይኑ ዝተሓዝን ዝእመንን ኣፈታሪክ (legend) እዞ ዝቕጽል እንክኸውን፡ ሓረግ ወለዶን ታሪክ ኣመጻጽኣን ናይ ኢሮብ ምስ ታሪክ ንግሥተ ሳባን ንጉሥ ሰለሞንን ቀዳማዊ ምንሊክን ዝተተኃኃዘ ኮይኑ ይርከብ። ንግሥተ ሳባ (ማክዳ) ናይ ሰሎሞን ሥልጣነን መንግሥትን ንምርኣይ ብዙኅ ገፀ-በረከት ኂዛ ናብ እስራኤል ምኻዳን፡ ኣብዚ እዋን'ዚይ ምስ ሰለሞን ብሥጋ ተራኺባ ናብ ሃገራ ኢትዮጵያ እንክትምለስ ኣብ ኣሥመራ "ማይ በላ" ኣብ ዝተብሃለ ቦታ ንቀዳማዊ ምንሊክ ምውላዳን ታሪክ ይገልጽ። ቀዳማዊ ምንሊክ ከዓ ምስ ዓበየ ንጉሥ ሰለሞን ንእኖኡ ንግሥተ ሳባ ዝሃባ ቀለበት ኂዙ ናብ ዓደቦኡ ናብ ኢየሩሳሌም ከምዝኸደን፡ ንጉሥ ሰለሞን'ውን ንታ ቀለበት ምስ ረኣየ ወዱ ምዃኑ ፈሊጡ ብጽቡቕ ከም ዝተቐበሎን ኣብ መጻሕፍቲ ታሪክ ንረክብ። ቀዳማዊ ምንሊክ ኣብ ዓደቦኡ ዝተወሰነ ጊዜ ድኅሪ ምጽናሑ ናብ ኢትዮጵያ እንክምለስ ካብ እስራኤል ብዙኃት ሰባት ተኸቲሎምዎ ናብ ኢትዮጵያ መጹ[7]። ካብ

[7] <u>የኢትዮጵያ ሕዝብ ታሪክ</u>፡ ባጭሩ የተጻፈ ከአለቃ ታየ (፲፱፻፲፬ ዓ.ም. ታትሞ የነበረ)፡ ሰንትራል ማተሚያ ቤት፡ አዲስ አበባ፡ ፲፱፻፷፬ ዓ.ም.፡ ገጽ ፴፫፡ ፺፰ ረአ።